# 5. ሕግን ስርዓትን ውዕልን መንበሪ ክራይ ኣባይቲ ኣብ ስዊዝ

ኣብ ስዊዝ ክልተ ወይ ሰለስተ ሰባት ኣብ ክራይ ኣብይቲ ይነብሩ። ሕግን ውዕል ክራይ ኣባይትን ካኣ ንዅነታት ክራይ ኣባይቲ ስርዓትን ኣገባብን የትሕዞ። ኣብ መብዛሕቱኡ ክራይ ኣባይትን ህንጻታትን ካኣ ብግቡእ ክኽበርን ክትገብርን ዘለዎ ስርዓተ ሕጊ ገዛ እዩ። ስዊዛውያን ካኣ ነዚ ስርዓት ብግቡእ ይጥቀምሉን የኽበሩዎን ፡ንኣብነት ካብ ሰዓት ዓሰርተ ናይ ምሸት ክሳብ ሰዓት ሸውዓተ ናይ ንግሆ ዘሎ ጸጥታ ለይቲ ከምኡውን ናይ ምሳሕ ዕረፍቲ ካብ ፋዱስ ክሳብ ሰዓት ሓደ ዘሎ ግዜ ክኽበር ይግባእ።

ኣብ ግዜ ሰንበትን በዓላትን ዓውታ ክትቅጠቡ ኣለኩም። በዓል ከተብዕሉ ምስ ተደልዩ ካኣ ኣቐዲምኩም ንጎራባብትኩም ክትሕብሩ ዝበለጸ እዩ።

ከምቲ ሕጉ መሰረት ኣብ መንጎ ኣካራይን ተኻራይን ናይ ጽሑፍ ውዕል ይፍጸም፡ እቲ ውዕል ድማ ፡ ሓፈሻዊ ኣጠቃቕማን ስርዓተ ሕግታት ክራይ ኣባይቲ የጣቃልል። ከምቲ ልሙድ ካኣ ክራይ ገዛ ኣቐዲምካ፡ ናይ ሓደ ወርሒ ትከፍል። መብዛሕትኡ ተኻረይቲ ንተወሳኺ ሃለክትታት ከም ንኣብነት ጸዓት ኤለትሪክ፡ ማይ፡ ተለቪዝን ዝኣመሰሉ ባዕሎም ብላዕሊ ይከፍልዎ፡፡ እቶም ተወሰኽቲ ሃልኽታት ካኣ ምስቲ ውዕል ክራይ እትዋት ድዮም ወይስ ኣይኮኑን ኢልኩም ክትሓቱ ይግባእ።

ተኻራያይ ወይ ውን ኣካራያይ ናይ መልቀቒ ክራይ ገዛ ክጽሕፉ ይኽእሉ እዮም። ካብ ክልቲኦም ወገናት ገደብ ናይ መልቀቒ ግዜ ክዋሃብ ከምዘለዎ ኣብቲ ውዕል ክራይ ገዛ ሰፊሩ ይርከብ። ኣብ መንጎ ተኻራያይን ኣካራያይን ዘይምስማዕ ምስ ዝፍጠር ፡ኣብ ነፍስወከፍ ካንቶን መንግስታዊ መንጎኛታት ሸማግሌታት ትካላት ኣሎው። ኣገልግሎት ምኽርን ሽምግልናን ካኣ ብነጻ እዩ ።

ሕግን ስርዓትን ውዕልን መንበሪ ክራይ ኣባይቲ ድማ ኣብ ኢነርንኔት ና ይ ቡንደስ ኣምት [www.bwo.admin.ch](http://www.bwo.admin.ch) ኣቡኡ ካኣ ብ 16 ቓንቓታት ዝተጽሓፈ ሓቤሬታ ብዛዕባ ክራይ ኣበይቲ ትረኽቡ።

ማሕበር ተኻረይቲ ካኣ ድለት ናይ ተኻረይቲ ይውክል። ኣብ ወብ ሳይት [www.mieterverband.ch](http://www.mieterverband.ch) ኣብ ከባኢካ ዘሎ ማሕበር ተካረይቲ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኩም።